**ካልኣይ ደረጃ (Phase 2) መደብ ምክልኻል ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 (COVID-19} ኣብ ብሪቲሽ ኮሎምብያ (BC) የስፋሕፍሕ ኣሎ።**

ዓበይትና ኣንጻር ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ንክኽተቡ ሓግዙና። ኣብቲ ማሕበረ-ኮም ንዝርከቡ ዓበይቲ ኣብ ቀረባ ግዜ ነታ ቀዳመይቲ ዓቐን ክታበት ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ንክምዝገቡ ክዕደሙ ምኺኖም ንዘይሰምዑ ኣስምዕዎም።

ሰባት ኣብ 2021 ዝህልዎም ዕድመ መሰረት ብምግባር ንክምዝገቡ ክዕደሙ ኢዮም (ንኣብነት ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኣብ ዝኾነ ግዜ 90 ዓመት ክትገብሩ እንተድኣ ኰንኩም፡ ምስቶም 90ን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ጉጅለ ወዘተ. ክትምዝገቡ ክትዕደሙ ኢኹም)።

ካብ ሰኑይ፡ መጋቢት 8 ጀሚሩ፡ ምዝገባ ብተለፎን ወይ ኦንላይን (ብኢንተርነት) ክግበር ይክኣል፡ (ብክብረትኩም ቅድሚ'ቲ ዝተባህለ መዓልቲ ክትድውሉ ወይ  ክትምዝገቡ ኣይትፈትኑ)።

ናይ ፍረይዘር ሀልዝ (Fraser Health) ምክልኻል ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ናይ ምዝገባ መስመር ተለፎን፡ 1-855-755-2455።

ኣብ ፍረይዘር ሀልዝ (Fraser Health)* ትነብሩ እንተድኣ ኰንኩም፡ ኣብ Fraserhealth.ca/vaccinebooking ብኦንላይን’ውን (ኢንተርነት) ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣስተውዕሉ፡ እዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም ናይ መጀመርታ ዓቐን ክታበት ንምውሳድ ዝግበሩ ምዝገባታት ኰይኖም ንተቐማጦ ፍረይዘር ሀልዝ (Fraser Health)* 80ን ልዕሊኡን ንዝዕድሚኦምን ንደቀባት ( ፈርስት ነሽንስ፡ መቲስ፡ ኢኑይት) ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ 65ን ልዕሊኡን ንዝኾኑ ዕድሚኦምን ኢዮም።

*ዞባ ፍረይዘር ሀልዝ (Fraser Health region) ንማሕበረ-ኮም ኣቦትስፎርድ፡ ኣንሞር፡ በርናቢ፡ በልካራ፡ ቺሊዋክ፡ ኮኲትላም፣ ደልታ፡ ፍረይዘር ቫሊ ረጂናል ዲስትሪክት፡ ሃሪሰን ሆት ስፕሪንግስ፡ ሆፕ፡ ከንት፡ ላንግሊ፡ ማፕል ሪጅ፡ ሚሽን፡ ኒው ወስትሚንስተር፡ ፒት ሚዶውስ፡ ፖርት ኮኲትላም፡ ፖርት ሙዲ፡ ሰሪን ዋይትሮክን የጠቓልል።

**ንደቀባት (ኢንዲጂነስ) ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ንምክልኻል ክታበት ዝውሃበለን ክሊኒካት**

ብሽርክነት ምስ ናይ ጥዕና ብዓል ስልጣን ፈርስት ነሽንስ፡ መቲስ ነሽን ብሪቲሽ ኮሎምቢያ፡ ፍረንድሺፕ ሰንተርስን ካልኦት ማሕበረ-ኮማዊ ውድባትን፡  ነቶም ነንብሶም ከም ደቀባት (ፈርስት ነሽንስ፡ መቲስ፡ ኢንዩት) ዝፈልጡዋ ውልቀሰባት፡ 65 ወይ ልዕሊኡ ዝዕድሚኦም ደቀባት ዓበይትን ዝኾና ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ንምክልኻል ዘገልግላ ናይ ክታበት ክሊኒካት ምስ ባህላዊ ደገፋት ኣለዋ።

**ምዝገባኹም ንቆጸራ ክታበት ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19**

ቅድሚ መስመር ተለፎን ምድዋልኩም ብክብረትኩም ነዞም ዝስዕቡ ሓዙ/ቀርቡ፡

- ቢሮን ወረቐትን
- ናይ ውልቀ-ጥዕናኹም ቁጽሪ (personal health number)
- ምሉእ ስምኩም
- ዕለት ልደትኩም
- ኮድ ፖስታኹም (postal code)

ኣገዳሲ ሓበሬታ ክንሰደልኩም ዘድሊ ምስ ዝኸውን፡ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ክትቀበልሉ ትኽእሉ ቁጽሪ ተለፎን ወይ ንስኻትኩም ወይ ቤተሰብኩም ወትሩ ትፍትሽሉ ኣድራሻ ኢመይል ቀርቡ።

ወኪላት ማእከል መጸውዒና (call centre) ብዛዕባ ናይ ፋይናንሲያዊ ይኹን ናይ ክረዲት ካርድ ሓበሬታ ፈጺሞም ኣይክሓትኹምን ኢዮም።

ብዛዕባ እቲ ክታበት ሕክምናዊ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም፡ ብክብረትኩም ምስ ፋሚሊ ዶክቶርኩም ወይ ብዓል ሞያ ነርስ ተዘራረቡ ወይ ድማ ናብ ፍረይዘር ሀልዝ ቨርቹዋል ኬር ቲም (Fraser Health Virtual

Care team) ካብ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ክሳብ ሰዓት 10:00 ድ.ቀ. ሸውዓተ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ናብ 1-800-314-0999 ወይ ካብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ወጻኢ ናብ 8-1-1 ደውሉ።

ብዛዕባ ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ሓፈሻዊ ሕቶ እንተድኣ ኣለኩም፡ ብክብረትኩም ናብ 1-888-COVID19 (1-888-268-4319) ደውሉ ወይ ኣብ ወብሳይት www.bccdc.ca/covid19 ርኣዩ።

ንቆጸራኹም ክትዳለዉ ክትገብርዎ ዘለኩም፡

- ነቲ ክታበት ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 (COVID-19 Vaccine Health File) ዝብል ፋይል ኣንብቡ፡ https://www.healthlinkbc.ca/hlbc/files/documents/healthfiles/hfile124.pdf
- ናይ ቢሲ ናይ ኣገልግሎታት ካርድ (BC Services Card)/ ቁጽሪ ውልቀ-ጥዕናን (Personal Health Number) ስእሊ ዘለዎ መንነትን (photo ID) እንተድኣ ኣልዩኩም ተማልኡ።
- ማስኬራ ግበሩ። ማስኬራ እንተዘይብልኩም ክንህበኩም ንኽእል ኢና።

ቆጸራኹም ካብ 20 ክሳብ 25 ደቓይቕ ክወስድ ኢዩ። ጽቡቕ ምስ ዘይስምዓኩምን፡ ምልክታት ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ዝመስል ምስዝህልወኩምን (ንኣብነት፡ ሰዓል፡ ሕጽረት ምስትንፋስ፡ ረስኒ፡ ቁሪ-ቁሪ፡ ሕማም ርእሲ) ወይ ከኣ ባዕልኹም ንክትፍለዩ ተሓቲትኩም እንተነርኩምን) ብክብረትኩም ኣይትሳተፉ።

**ኣብ ማሕበረ-ኮምና ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ንምክልኻል እጃምኩም ብምብርካትኩም ነመስግን!**

ብጥዕና ካናዳ (Health Canada) ዝጸደቑ ናይ ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ክታበታት ደሓንን ውጽኢታውያንን ህይወት ዘድሕኑን ኢዮም። ክታበታት ካብቲ ነቶም ዝተኸትቡ ሰባት ምክልኻል ሓሊፎም ንኩሎም እቶም ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሰባት ይከላኸሉ ኢዮም። ኣብ ሓደ ማሕበረ-ኮም ካብ ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ምክልኻል ዝተግብረሎም/ክታበት ዝወሰዱ እናበዝሑ ምስዝኸዱ፡  ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ንከስፋሕፍሕ ዝበርትዐ ይኸውን/ዕድል ኣይረክብን።

መዘኻኸሪ፡  ምኽታበም ብዘየገድስ፡ ናይ ኣውራጃ ናይ ጥዕና በዓል መዚ (Provincial Health Officer) ትእዛዛትን መምርሒታትን ንኩሉ ሰብ ኣብ ቦትኡ ኣሎ። ብኽብረትኩም ከም ምውጋድ ኣኼባታት፡ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ቦታታት ማስኬራ ምግባር፡ ኣዘውቲርካ ኢድካ ምጽራይ፡ ናብ ብርኪ ኢድካ ምስዓልን ምህንጣስን ካብ ካልኦት ናይ ክልተ ሜትር ርሕቀት ምሕላውን ዝኣመሰሉ ናይ ድሕነት ተግባራት/ጠባያት ቀጽሉ።

ናይ ቢሲ ማእከል ምቍጽጻር ሕማም (BC Centre for Disease Control-BCCDC) ዝበለጸ ምንጪ ሓበሬታ ክታበት ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ኢዩ።

**ካልኦት ጉጅለታት መኣስን ብከመይን ንክታበት ክምዝገቡ ክኽእሉ ኢዮም?**

ብዛዕባ መስርሕ ምዝገባ ንተወሰኽቲ ጉጅለታት ኣብ ዝመጽኡ ዘለዉ ሰምንታት ዝርዝር ክውሃብ ኢዩ። ንዝያዳ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣብ ናይ ብሪቲሽ ኮሎምብያ ወብሳይት ርኣዩ።

**ስለምንታይ ክታበት ክውሃብ ኣለኒ?**

ናይ ማሕበረ-ኮም ምክልኻል (Community (herd) immunity) ክብጻሕ ዝከኣል፡ ኣብ ቢ ሲ (B.C.) ኣዝዩ ዝበዝሐ ሰብ ኣንጻር ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ምስ ዝኽተብ ኢዩ። ኣንጻር ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ክትክተብ ምስ ትመርጽ፡ ኣብ ገዛኻ ንዝነብሩን ንመላእ ማሕበረ-ኮምካን ካብ ቫይረስ ብምክልኻል ህይወት ንምድሓን ትሕግዝ ኣለኻ ማለት ኢዩ።
ንምትሕላላፍ ቫይረስ ንምዕጋት ክሰርሑ ከምዝኽእሉ ዝፈለጥናዮም ስጉምትታት ብምውሳድ ኩልና ንሓድሕድና ምክልኻል/ምትሕላላው ክንቅጽሎ ከድሊ ኢዩ። እዚ ማለት ከም ኣእዳውና ምሕጻብ፡ ምስ ንሓምም ኣብ ገዛ ብምጽናሕ፡ ካብ ዘይንፈልጦም ሰባት ኣካላዊ ርሕቀት ምስ ንገብርን ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ በታታት ማስኬራ ምስንገብርን ኢዩ።
ክታበት ሕማም ኮሮና ቫይረስ-19 ኣብ ብሪቲሽ ኮሎምብያ ንነፍስ-ወከፍ ሰብ ብነጻ ኢዩ ክኸውን። ንሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበት ኣብ gov.bc.ca/covidvaccine ወይ bccdc.ca/covid19 ርኣዩ።